ርእሰ ዓንቀጽ

ሓዳስ ኤርትራ 26 ሕዳር 2026

ግዳይ ክመስል ዝመጻደቕ ምርኡይ ገበነኛ! ስርዓት ብልጽግና፡ ድሕሪ'ቲ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ኣንጻር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ክገብሮ ዝጸንሐ፡ ብጽዑቕ ዜናዊ መናፍሕ ዝተሰነየ ቅሉዕን ዘንቀደን ተጻብኦታት፡ ብ9 ጥቅምቲ 2026 ናብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ መበል 182 ኣባል ናይ'ቲ ውድብ ዝኾነት ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ብወግዒ ኩናት ከምዝኣወጀ፡ ዝተደብተረ ሓቂ'ዩ። እዚ "መስኮት ባሕሪ እንተዘይወነንኩ ሞይተ'ለኹ" ዝትሕዝቶኡ፡ ውሽጣዊ ጸገማት ኢትዮጵያ ንግዳም ንምቕናዕ ዝዕላማኡ፡ ሕንከት ዘይብሉ ምፍርራሕን ምውጥዋጥን ዝዓብለሎ ዘይናትካ ናይ ምውራር ዘመተ ግና፡ ንውሽጣዊ ቅልውላው ኢትዮጵያ መሊሱ ብምዕራግ ተወሳኺ ጸቕጢን ኩነኔን ጥራይ'ዩ ኣስዒቡሉ። ከም'ቲ፡ "ወኻርያ ጻድቕ ክትመስል ዝዋውዕ ትኣስር" ዝበሃል ከኣ፡ ገበነኛ ከሎ ግዳይ መሲሉ ንኽርኢ፡ በቲ ንሱ ኣንጻር ኤርትራ ዝገብሮ ተኸታኹ ተግባራት ንኤርትራ ንምኽሳስን ንምውንጃልን፡ ኣብ ሓሶት ዝተመርኰሰ ድራማታት ኣብ ምድራስ ተጸሚዱ ይርከብ።

ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኻ፡ ምስ ባሕሪ ተዳዊባ ኣይትፈልጥን። ምስ ባሕሪን ኣገልግሎት ባሕሪን ዝተላለየት፡ ኤርትራ ብዘይ ድሌት ህዝባ - ብዓሎኞ "ጂኦፖለቲካዊ ረብሓታት ሓያላን" ብስርዓት ፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ምስ ተቐርነት'ዩ። ካብ 1952 ክሳብ'ቲ ኤርትራ ብመስዋእቲ ብሉጻት ደቃ ናጻ ዝወጸትሉ 1991 - ንኣስታት 40 ዓመታት ጥራይ። እቲ ካልእ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ተኣሳሲሩ ዝበሃልን ተባህለ ዝበሃልን፡ ውጹእ ጽውጽዋይ'ዩ። እዚ ሕጂ ድሕሪ 35 ዓመታት ናጽነት ዝስማዕ ዘሎ ጫውጫውታ "ልኡላዊ መስኮት ባሕሪ" ድማ፡ ኣካል ኣስፋሕፋሒ ፖሊሲ ስርዓት ብልጽግና'ዩ። ናይ ባሕሪ በሪ ንዘይብላ ጎረቤት፡ ወደባታ ካብ ንግዳዊ ተጠቃምነት እትዓጹ ሃገር ክትህሉ ኣይትኽእልን። እዚ ኣገልግሎት'ዚ ብልምዳውን ኣህጉራውን ሕግታት'ውን ፍቑድ'ዩ። እንተኾነ፡ እዚ ሕግታት'ዚ፡ እታ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ካብን ናብን እትገብሮ ንግዳዊ ምንቅስቓሳት፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ናይ'ታ ወናኒት ወደብ ሃገር ብምልኣት ብዘኽብር ንግዳዊ ስምምዓት ጥራይ ከምዝትግበር ኣነጺርዎ'ዩ። ኪንዮኡ ብምኻድ - ወደብ ክትወርር፡ መደበር ሓይሊ ባሕሪ ደኩንካ ሰንደቕካ ኣብ ዘይግዝኣትካ ከተንበልብል ኰነ ሓድሽ ዶባት ክትጥርር ምምጥጣር ግና፡ ጉዳይ ልኡላውነት ስለዝኾነ - ቀይሕ መስመር'ዩ።

ብህዝቢ ተቐባልነት ዘይብሉም ስርዓታት፡ ባዕሎም ጸገማት ፈጢሮም ከብቅዑ፡ ናብ ካልኦት ክስልበጡ ምርኣይ ዘይልሙድ ኣይኮነን። ስርዓት ብልጽግና ኣብ ዝረኸቦ መድረኻትን ኣብ ዝፈጠሮ ኣጋጣሚታትን ንኤርትራ ብምጽላምን ሓቅታት ብምዕባላኹን ግዳይ ክመስል ዝገብሮ ምምጽዳቕ ከኣ፡ ናይ'ዚ ኣብነት'ዩ። እንተኾነ፡ እዚ ኣብ ሑጻ ዝተሰረተ ዘመተ'ዚ'ውን፡ ነቲ ሓቂን ክዉንነትን ክሽፍን ዝኽእል ሓይሊ ዘይብሉ - ምህሙን'ዩ።

ሓዳስ ኤርትራ 26 ሕዳር 2026